ነብሰ ጾር ዲኺ? ተጥብዊ'ዶ? ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሜኡ/ኣ ቆልዓ ኣሎኪ/ኣላትኪ'ዶ?

ስራሕ እንዳሃለውኪ ናይ ገንዘብ ሕጽረት'ዶ ኣሎኪ? ናይ መንግስቲ ዝኸፍሎ መሓከሚ (መዲካል ኩፖን) ወይ ሄልዚ ኦፕሽንስ ትጥቀማ'ዶ*? ብዛዕባ ናይ ውላድኪ ኣመጋግባን ኣታዓባቢያን ብዝያዳ ክትፈልጢ'ዶ ትደልዩ?

ሎሚ ናብ ዊክ ደውሊ።

ውላድኩም ንስኩም ኣሎኹሞ። ንኣኹም ዊክ ኣሎኩም

ናይ ኣመጋግባ መደብ ንኣንስትን፣ ሕጻናትን፣ ቆልዑትን (ዊክ)።

ዊክ በዘን ዝስዕባ ጌሩ ንውላድኩም ጥዕና ዝህቦ መበገሲ ኺትገብሩሉ ይሕግዘኩም፣

- በቢወርሒ ክሳብ $50 ዝዋግኡ ጥዕና ዝህብ መግቢ፤ ጸባ፣ እንቋቁሑ፣ ሲሪያል፣ ቺዝ፣ ንቑጽ ባልደንን ጽማቕ፣ ጠስሚ ሩል፣ ከምኡ ኸኣ ጡብ ንዘይጠብዉ ሕጻውንቲ ዝኸውን ጸባ ታኒካ ።
- ብዛዕባ ሕጻን ዝምልከት መጽሓፍ ንጥኑሳት ኣንስቲ ይዕድል።
- ምዕዶታት ብዛዕባ ኣመጋግባን ጡብ ምጥባውን ይውፊ።
- ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎታት ክትረክኽቢ ይተሓባበረኪ።

ናይ ዊክ ወርሓዊ እቶት መገምገሚ መምርሒታት (ነብሰ ጾር ሰበይቲ ክንዲ ክልተ ኢያ ትቕጽር)፣

- ብዝሒ ስድራ ቤት 2 ኮይኖም፣ ወርሓዊ ደሞዞም ክሳብ $2,268 ዝረኽቡ
- ብዝሒ ስድራ ቤት 4 ኮይኖም፣ ወርሓዊ ደሞዞም ክሳብ $3,446 ዝረኽቡ
- ብዝሒ ስድራ ቤት 6 ኮይኖም፣ ወርሓዊ ደሞዞም ክሳብ $4,624 ዝረኽቡ

* እንተደኣ ኣብ መዲካል ኩፖን ወይ ሄልዚ ኦፕሽንስ መደብ ኣሊኹም ኮንኩም ብደሞዝኩም መሰረት ናይ ዊክ ሓገዝ ክትቅበሉ ብቕዓት ኣሎኩም።

ዊክ ብናይ ማዕርነት ዕድል (ብዘይ ኣድልዎ) ዘገልግል መደብ ኢዩ

ናይ ዊክ ሓገዝ ምቕባልኩም ኣብቲ ናይ ኢሚግርሽን ኮነታትኩም ሳዕቤን የብሉን።

1-800-322-2588

Family Health Hotline

A program of WithinReach

www.withinreachwa.org

ንሕጻንክን እቲ ዝበለጸ መበገሲ ግበራሉ–ጡብ ኣጥብውኦ!